ኤርትራ መኻን ኣይኮነትን፣ ክንካኸለላ ኢና ህዝባ



ጭርሖ ትግራይ ትግርኚ መዓስ ይዓጅባ
ካብ ራስ ቄሳር ክሳብ ራስ ዲሜራ ብዓጀባ
ኤርትራ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ኣኽራን ዝኸበባ
ኤርትራ ንኤርትራዊያን ደቂ ርስቲ ኣለና እንዳባ
ኩሉ ምህዞ ናይ ነጋዳይ ትግራዊይ ዳዊት ዘረባ‘‘

በልማማ ንህዝቢ ትግራይ ዘኮነስ፣ ንገለ ሳዲስቲ ተጋሩ
ህዝቢ ኤርትራ ጸጊምዎ፣ ርእዮም ብትምክሕቲ ዝሰኸሩ
ብወገን ኤርትራ ብህግደፍ፣ብወገን ትግራይ ብወያነ ዝዝወሩ
ኣስመራ መንደፈራ በጺሖ እንዳ በሉ፣ ዓይንና ከዕውሩ‘‘



ኢሱ ካብ ኮነ ትግራዊይ
ክንብል ዶ ልቢ ትግራይ
ልቦም ዘይርከብ ጥዊይዋይ፣

ኣይተ ዳዊት ክንደይ ከ ትሕሱ
ክንዲ ትብል ዓዲ ጀጋኑ ኣፍሪሱ
ክትብለና ኣርዮስ ሰላም ኣንጊሱ



ዝኣኽለን ጥሒነን በዓለ ማርያም ይብላ
ኤርትራ ትዓኑ ኣላ፣ ትግራይ ግን ማዕቢላ
ብውዲት ንኤርትራዊያን ኮንኩምና ሐበላ
ሕጂ ውን ኤርትራ ኣብ ባርነት ኢያ ዘላ፣

ንወዲ ሐምቦኻ ክተውጸኦ ሐራ
ትብል ኤርትራ ኣብ ውግእ እያ ነራ
ትብለና ኣብ ርእሲ ከተማ ኤርትራ

ብእግሩ ክኸይድ ሪኤዮ ኣብ ኣስመራ
ሐቅኻ ኤርትራ ንደቀባታ ኮይና ናኹራ‘

ትግራዋይ ዳዊት ኢድካ ኣክብ
ብገንዘብካ ቀዳድ ዓደቦኻ ለግብ
ኤርትራዊ ካብ ራሃጹዩ ዝጸግብ‘

ዳዊት ንወዷ ሐትነኻ  ሐወቦኻ
ንዕባይ ኤርትራ ክትሽፍነሉ ኢልካ
ዳዊት ንሐቂ ምድፋን ይትረፍካ‘

ጎረቤትና ንጹሃት እንተ ዝኾኑ
ብህዝቢ ኤርትራ ምተኣመኑ
ሹዑ ክልተ ህዝብታት ምቀሰኑ‘‘

እንተ ንሳቶም ግን
ብታሒቲ ታሒቲ በትን
ብከመይ ህዝብታት ክቀሰን‘‘

ናይ ኢትዮጵያ መራሕቲ
ምስ ትግራዎት ሰብ ሃብቲ
ምስ ኣርዮስ ብስልቲ
ንዳግማይ መግዛእቲ‘‘

ኣታ ክንደይ ከ ትሕሱ
ጭርሖ ዶክተር ኣቢዩ
ንዓሰብ ነኺሱ‘
እንየ  እና ኢሱ‘ ኢሱ
ዕላምኡ ስለ ዝኾነ ንሱ
ኣሰናኑ ጫሕ ኣቢሉ‘
ባዓል ዕላማ ተሐጒሱ
ሐዲሽ ስልቲ ፈሒሱ
ሕጊ እንዳባ ጥሒሱ

*መራሒ ጃንዳ ጨሪሱ፣*
*ሐሶት ነጋዳይ ቢኢሱ*
*ንዳዊት ወያነን ሐዊሱ*
*ኢሱ ከጥፈኣና ገስጊሱ፣*

*ስለዚ ብትብዓት*
*ብክልተ ጎራሐት*
*ከይንጸንት ደቀባት*
*ብእዋኑ ንባሳሐት፣፣*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ፣ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና፣ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን፣ካብ ዉሽጢ ሑሩር፣ኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።*